# ዘእውየላ ዝሰኣነት ሃገር

Saturday, 13 December 2008

ኣብ ሃገርና ኤርትራ ዝገዝእ ዘሎ ስርዓት ውልቀ ምልኪ፣ ብዛዕባ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዘውርዶ ዘሎ ግፍዒ፣ ማዕረ'ቲ ዕብየቱ እኳ ኣይኹን እምበር፣ ኣቀዲሙ ኣብ ዝተፈላለያ ዌብሳይታት ተጻሒፍሉ፣ ይጸሓፈሉ'ውን ኣሎ። ስርዓት ህግደፍ ብሰንኪ ዝኽተሎ ዘሎ ጸይቂ ፖለቲካዊ ኣመራርሓ፣ ህዝብና ኣደዳ ቅትለት፣ ማእሰርቲ፣ ስደት፣ ከርፋሕ ናብራ ኮይኑ ዝወርዶ ዘሎ መከራ ኣዘንቲኻ ኣይውዳእን። ኣነ ግን ሕጂ ክጽሕፈሉ ተበጊሰ ዘለኹ ኣርእስቲ ብሰንኪ'ቲ ህግደፍ ዝኽተሎ ዘሎ ግጉይ ፖለቲካዊ ኣመራርሓ፣ ንህዝብና ደረጃ ብደረጃ እናልመሰ፣ ረሚስዎ ዘሎ ደርቂ ጥሜትን ዓጻቦን'ዩ።

ዝሓለፉ 3 ዓመታት 2005፣ 2006 ከምኡ'ውን 2007 ኣብ ሃገርና እኹል ክራማት እዩ ኔሩ። ብፍላይ ዓመተ 2007 ዝናብ ክሳብ መፋርቕ ወርሒ መስከረም ዝነበረሉ ጥሉል ክራማት እዩ ሓሊፉ። ኣብ ሓንቲ ሃገር ንምዕባሌ ሃገር ዝሓሊ፣ ንረብሓ ህዝቢ ዝሰርሕ ቅኑዕ ስርዓተ ምምሕዳር እንተዘየለ ግን፣ ክራማት ለጊሱ ኣይለጊሱ ትርጉም የብሉን። መሬት ሓሪስካ ፍርያት ክትሓፍስ ዓመት ምሉእ መሬትካ ምልስላስ፣ ምድኳዕ፣ ምዝራእ፣ ዝዘራእካዮ ብቑዕ ፍርያት ክሕፈስ ድማ፣ ምጽህያይ፣ ምኹስኳስ፣ ምጉሳይ...ወዘተ እናበልካ ሓያል ጻዕሪ ዝሓትት'ዩ።

ኣብ ሃገርና ግን ኣሸንኳይ'ዶ ማይ ተሳኢኑ፣ እኹል ክራማት ኣብ ዝነበረሉ እዋናት ፍርያት ክሕፈስ ኣይተኽኣለን። ከመይ ጌርካ? ምኽንያቱ፣ እቲ ሓራሱ፣ ደኺሙ፣ጽዒሩ፣ ላዕሊ ታሕቲ ኢሉ፣ ንስድራ ቤቱ ክኢሉ ንዕዳጋ ዝኣክል ከፍሪ ዝግብኦ መንእሰይ፣ ሙሉእ ዓቕሙ ኣብ ውትህድርና ተጸሚዱ ኣገልጋሊ ስርዓት ህግደፍን፣ ሓለፍትን ኮይኑ። ክራማት ኣብ ዝለገሰሉ ኣብ ዝሓለፍ ዓመታት መሬት ዘራእቲ ኤርትራ ቃዲሩ ተሪፉ።

ናይ ሎሚ ዘበን 2008 ክራማት ብዓቢይኡ ጠሊሙ። እቲ ኣብ ዓዲ ተሪፍ ገለ ቁሩብ ፍርያት ከእቱ ዝፍትን ዝነበረ ሽማግለ ሓረስታይ ዝረኽቦ ዝነበረ ቅራቦ ካበይ ይምጻእ? መሬት መልኣኩ ሃዲምዎ ክራማት ጠሊሙ። ህዝብና ጨቋኒ ኣገዛዝኣ ስርዓት ህግደፍ ከይኣኽሎ፣ ኣብርእሲ ኣላታስ ተወሰኺታ፣ ብደርቂ ጥሜትን ዓጻቦን ይሕለብ ኣሎ። ብቀደሙ'ውን ብጸይቂ ኣመራርሓ ህግደፍ ተዳኺሙ ዝጸንሓ ህዝብና፣ ብሓለንጊ ጥሜትን ደርቂን ይግረፍ ኣሎ።

ህዝብና፣ ጸገሙ ከይገልጽ፣ ዓው ኢሉ ከይበኪ፣ ረዳኢ ከይረክብ ከኣ፣ “ጠሚና፣ ስኢና ዝብል ከይተውጽኡ፣ ኣፍኩም ይሎኀም፣ መዓንጣኹም ሸጥ ኣብሉ፣ ጠምየ፣ ሓሲሙኒ ዘውጽእ ወይልኡ” ይበሃል ኣሎ ህዝብና ብሓለፍቲ ህግደፍ። እናተገረፍካ፣ እናተቖጥቖጥካ፣ እናተኣሰርካ፣

እናተሞቛሕካ፡ ኣንዳተቀተልካ፡ ብጥሜት ተፋሒስካ ትንፋስካ እንዳሓለፈት፡ ጸገምካ ከይትገልጽ፡ ኣፍካ ከይትከፍት ትበሃለላ ሃገር ኮይና ሃገርና ኤርትራ።

ህዝቢ ኤርትራ ጀጋኑ ደቁ ኣወፍዩ፡ ሰንኪሉ፡ ደሙ ኣፍሲሱ ዘምጽኦ ናጽነት መሸካዕለሊ ውሑዳት ኮይኑ። ስድራቤት ስውኣት ክቅተሉ፡ ክዕመጹ፡ ብጥሜት ማሲኖም ትንፋሶም ክትሓልፍ፡ ጸገሞም ዝነግር፡ ኣውያቶም ዘስምዑሉ ባይታ ተሳኢኑ። ሓለፍቲ ህግደፍ፡ ብስም ስድራ ቤት ስውኣት ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዓዲ ዓዲ እናኸዱ ገንዘብ ይልምኑ። ብስም ስድራቤት ስውኣት ይሸቅጡ። ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ ልዕሊ ስድራቤት ስውኣት ዝወርድ ዘሎ ጸገም ንምርዳእ፡ እስከ ነዛ ሓንቲ ስድራቤት ከም ኣብነት ወሲድና ንርአ።

ኣነ ንርእሰይ ኣብ ስራሕ መንግስቲ ስለዝተጸምድኩ፡ ካብ ኣስመራ ብዙሕ ክወጽእ ዕድል የብለይን። እንተኾነ ግን ድሕሪ ነዊሕ፡ ሓደ ሓደ እዋን፡ ኩነታት ክዕዘብን ክበጽሕን ናብ ከባቢ ዓድታት ይገይሽ እየ።

ኣያ ድራር ምስ በዓልቲ ቤቱ ኣደይ ግደይ ኣብ ሓንቲ ኣብ ከባቢ ከተማ ትርከብ ዓዲ እናሓረሱ ዝናበሩ እዮም ኔሮም። ኣያ ድራር ኣብ ርእሲ ማሕረስ፡ ስራሕ መንደቕን ምልማጽን ስለዝኽእል፡ ካብ ዓዲ ናብ ከተማ እናተመላለሰ ሰሪሑ ብዝረኸቦ እቶት ጽቡቕ ናብራ እዩ ኔሩዎም። እንዳያ ድራር፡ ካብ ሕርሻዊ ምህርቲ ከምኡ'ውን ኣብ ከተማ ብምስራሕ ብዝረኸቦ እቶት፡ ዓንዶም፣ፍስሃየ፣ለምለም፣ዛይድ፣ሃብቶም ዝበሃሉ ደቂ ወሊዶም፡ ደቆም እናምሃሩ፡ ማእከላይ ናብራ የሕልፍ ኔሮም። ኣብ እዋን መግዛእቲ ዓንዶም፡ ቦኽሪ ገዛ ናብ ሜዳ ወጺኡ። ፍስሃየ'ውን ኣብ 1990 ናብ ገድሊ ተጸንቢሩ። ድሕሪ ናጽነት ስድራ እንዳያ ድራር መስዋእቲ ዓንዶም ወዶም ተነጊሮም። ዓንዶም ዓንዲ ሃገር ኮይኑ፡ ንርእሱ ከይወለደ፡ ናጽነት ስለዘምጽአ፡ ፍስሃየ ከኣ ብደሓን ስለዝተመልሰ እታ ስድራ ንመስዋእቲ ዓንዶም ከምህዝባ ብጽንዓት እያ ተቐቢላቶ።

ፍስሃየ ድማ ኣብ እዋን መግዛእቲ ተመርዕዩ፡ ቆልዑ ወሊዱ፡ ሓዳሩ ክመርሕ ጀሚሩ ኔሩ እዩ። ድሕሪ ናጽነት ኣያ ድራር እናዓበየ ስለዝኸደ፡ ናይ ዓድን በረኻን ሓላፍነት ተሰኪሙ ነታ ስድራ ኣለይ መለይ ክብል ዝጀመረ ፍስሃየ እዩ ኔሩ። እንተኾነ እዛ ስድራ ዕድል ኣይገበረትን። ፍስሃየ ኣብ 1998 ስድርኡ ራሕሪሑ ኣብ ፈቐዶ ዓውደ ኩናት ከርተት ክብል ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ 2000 ተሰዊኡ። ስድራ እንዳያ ድራር ዝቀደመ ከይኣኽላ ዳሕረዋይ ውላዳ ተደጊማ። ኣደይ ግደይ፡ ድሕሪ ምንጋር መስዋእቲ ፍስሃየ፡ ኣደዳ ሕማምን ቃንዛን ኮይና ተረሚሳ። ከምዝፍለጥ፡ ኣብ ሃገርና፡ ብሰንኪ ህግደፍ እኹል ክንክን ናይ ጥዕና ስለዘየለ፡ ስእነትን ጥሜትን ተደሚሩዎ፡ ይዋኣ ኣደይ ግደይ፡ ካብ 2003 ንደሓር ማእሲ ሒዛ፡ ኣካላታ ለሚሱ ተረሚሳ፡ ኣልዕሉኒ ኣምብሩኒ ክትብል ድሕሪ ምጽናሕ፡ ንዓመታት ተሳቒያ ኣብ 2007 ዓሪፋ።

*ኣያ ድራር’ውን መስዋእቲ ውላዱ ከይኣክሎ ደቂ ደቁን ኣንስቲ ደቁን ዘሕልፍዎ ከርፉሕ ናብራ እናቆጥዖ፡ ኣስናኑ እናሓርቀመ፡ ብዓሂ ክነብር መሪርዎ ካን ረሲዕ ኮይኑ፡ ሓንጎሉ ስሒቱ፡ ዝፈልጦ ዝነበረ ሰብ ምልላይ ተሳኢንዎ ተደኒሱ።*

*ኣደይ ግደይ፡ ድሕሪ ነዊሕ ኣብ ዕብየታ ዝወለደቶ ሃብቶም፡ ዝነኣሰ ሕሳስ ልደ ውላዳ፡ መወዳእትኡ ሃብትን ራህዋን ከምጽኣሎም ጽቡቕ ተመንያ እያ ሃብቶም ኣውጺኣትሉ ኔራ። ሃብቶም ግን፡ ድሕሪ ናጽነት ተመርዕዩ ንሓጺር ግዜ ሓዳሩ ክመርሕ ጀሚሩ እኳ እንተነበረ፡ ዝወለዶም 4 ደቁ ከዕብዩ ኣይተዓደለን። ኣብ ኣገልግሎት ንስርዓት ህግደፍ ከገልግል 10 ዓመታት ሓሊፍዎ።*

*ቦኽሪ ወዲ ኣያ ድራር፡ ዓንዶም፡ ከይወለደ እዩ ተሰዊኡ። ፍስሃየ 6 ቆልዑ ገዲፉ። ሰይቲ ፍስሃየ ወለላ፡ ቅድሚ ኩነታት ምስ በዓል ቤታ ከላ ጽቡቕ ናብራ ተሕልፍ ስለዝነበረት፡ ነብሳ ምሉእ፡ መልክዓ ቅጭን፡ ቁመታ ማእከላይ ርኢኻ ዘይትጽገብ እያ ኔራ። ወለላ ኣብዚ እዋን ግን፡ ምስ ደቃ ብሰንኪ ጥሜትን ሕሰምን፡ ምስላ ተደዊኑ፡ መልክዓ ተበላሽዩ፡ ኣብዘይ እዋና ሽማግለ ሰበይቲ መሲላ፡ ቅድም ዝፈልጣ ዝነበረ ሰብ ክሪኣ ተሰምብድ ኮይና። ብዓልቲቤትን ስድራቤትን እቲ ከቲቱ ዘሎ ሃብቶም ድማ ኣብ ተመሳሳሊ ኩነታት ብሓለንጊ ጥሜት እንዳተገርፉ ከርፉሕ ናብራ እዮም ዘሕልፍ ዘለው።*

*እሞ፡ ህዝበይ፡ ነስተውዕል እሞ፡ ስድራቤት ስውኣት፡ እንታይ ተፈድዮም? ኣነ እዚ ካብ ዝፈልጦ ከም ኣብነት ዘምጻእኩዎ እምበር ካብ’ዚ ዝኸፍእ ሂወት ዘሕልፍን፡ ኣብ ዝኸፍእ ኩነታት ዝርከቡ ስድራቤት ከምዘለው ፍሉጥ እዩ። ስድራቤት ስውኣት፡ ኣደዳ ጥሜት፣መግረፍቲ፣ሕሰም መከራ ኮይኖም ኣለው።*

*ናብ ኣስመራ እንተተመሊስና ድማ፡ ባኒ ተሳኢኑ፡ ጣፍ ኣሰሩ የለን፡ እኽሊ ብሓፈሻ ተሳኢኑ። ካብ ምምሕዳር ዝወሃብ መሸላ፡ ኣብ ወርሒ ንስድራቤት 10 ኪሎ ብኩፖን ኮይኑ፡ ኣሽሓት ዝወሃቦ መሸላ ካብ ዕዳጋ ጠፊኡ። ኣስመራ፡ ጸባ ንሓራስ መብጽሒ ዘይትረኽበላ፡ ኣራንቺ ባናናስ ይትረፍ፡ ደረጃ መነባብሮ ህዝብና፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናንቆልቆለ ከመጽእ ድሕሪ ምጽናሕ ባይታ ኣብ ዝዘብጠሉ ፈጺሙ ኣብ ዝርመሰሉ ደረጃ በጺሑ። ኣብ ከተማ ዘሎ ሓደ ሓደ ስራሕ መንግስቲ ዝሰርሕ ሰብ ከም’ዚ ከማይ ገለ በተን ዝዋሃባ ቁሩብ ወርሓዊ መጻንሒ ክጸናሕ ይኽእል፡ መብዛሕትኡ ህዝብና ግን ከምዚ እቶት ዘለዎ ኣይኮነን። ስለዚ ህዝብና ዝወረደካ ጸገም ከይትዛረብ፣ኣፍካ ይሎገም፣እንዳመትካ ከይትዛረብ፣ ጸገምካ ከይትገልጽ ካብተባህለስ፡ እዚ ኹሉ ኣደራዕ ንዓለም መን ይንገረሉ? መንከ ይዓንግሎ?*

ኣብ ደገ ዘለኹም ህዝበይ ስምዑ ኣስተውዕሉ መን እዩ ጸገም ህዝብኹምን ጸገምኩምን ክገልጽ? መን'ዩ ከእውየላ ትሓልፍ ዘላ ትንፋስ ኤርትራ? ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ተሰዲድኩም ዘለኹም ህዝብና ብተመሳሳሊ፡ ሓለንጊ መከራ፡ ዝሓለፍኩም ህዝብና፡ እዚ ንዓኹም ዝምልከት ሕቶ እዩ። ንሕና እዞም ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘለና ጸገምና ክይንገልጽ ኣፍና ተለጊሙ፡ እንተተዛሪብና ወይልኻ ተባሂልና ፎቖዱ ቤት ማእሰርቲ ንዳጎነሉ ዘለና እዋን፡ ከመይ ጌርና ንዓለም ከነስምዕ? እቶም ኣብ ደገ ዘለኹም ግን ተዛሪብኩም ክተስምዑ ትኽእሉ። ኣብ ነጻ ሃገራት ስለዘለኹም ንዓኹም ዝምልከት ሕቶ እዩ። ኣብ ወጻኢ ተሰዲድኩም ዘለኹም ህዝብና፡ ዝተፈላለየ፡ ዓቅሚ ዘለኩምን፡ ኣብዝተፈላለየ ስራሕ ተዋፊርኩም ዘለኹም ደቂ ሃገር፡ ንስኹም ስለትሕሹ፡ ነዛ ዘእውየላ ዝሰኣነት ሃገር ካባኹም ሓሊፉ መን እሞ ሽግራ ክገልጸላ። ሃየ ድኣ ጸገም ህዝብኹም፡ ስቅያት ምረት ናብራ ህዝብኹም ካብ ምግላጽ ኣይትቆጠቡ። ሃየ ንዓለም ንገሩልና ሓደራ።

ህላዌ ዘመንፈስ

ካብ ኣስመራ

13 ታህሳስ 2008